# ጋዜጣዊ መልእኽቲ

ቍጽሪ.: 161 – 2021

ዕለት: 19.11.2021

## ንኖርወይ ክትኣቱ ከለኻ ዝምልከቱኻ ሓደስቲ ስጉምቲታት

**ብሰንኪ ህሉው ኩነታት ለብዒ ገያሾ ቅድሚ ንኖርወይ ምእታዎም ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ ከርእዩ፡ ከምኡ'ውን ንኖርወይ ክኣትዉ ከለዉ ዝግበሩ ግዴታዊ መርመራታትን ምዝገባታትን ከስፍሑን መንግስቲ ውሳኔ ኣሕሊፉ ኣሎ።**

–ካብ ወጻኢ ሃገር ንዝኣቱ ለብዒ ንምድራት ካብ 26 ሕዳር ንንዮ ንኖርወይ ዝኣትዉ ገያሾ ዝምልከቶም ስጉምትታት ከነትርሮም ኢና። ካብዚ ዕለት እዚ ኣትሒዙ ኩሎም ገያሾ ቅድሚ ንኖርወይ ምእታዎም ክምዝገቡ ኣሎዎም። ኣብ ጥዕናዊ ምኽርታት ብምሙርኳስ ከኣ ቅድሚ ንኖርወይ ምእታው ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ ከተርኢ ኣለካ ዝብል ግዴታ ከም ብሓድሽ ነተኣታትዎ ኣለና። እዚ ብተቐባልነት ዘለዎ ምስክር ወረቐት ኮሮና ምሉእ ብምሉእ ክቱባት ምኺኖም ከረጋግጹ ዘይክእሉ ወይ ኣብዘን ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ከምዘሕለፉ ከረጋግጹ ንዘይክእሉ ሰባት ብምሉኦም እዩ ዝምልከት። ዝመጻኽሉ ሃገር ብዘየገድስ ዝምልከት ኢዩ ብምባል ሚኒስተር ፍትሕን ድሉውነትን ኤሚልየ ኤንገር መል ትሕብር። (ሰልፊ ማእከላውያን/Senterpartiet)

እቶም ናብ ኖርወይ ዝኣትዉ ገያሾ ዘማእከሉ ስጉምትታት ተጌሩሎም ዘሎ ቀንዲ ኣገደስቲ ምቅይያራት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡ ካብ 26 ሕዳር ኣትሒዞም ኣብ ግብሪ ይውዕሉ፡

- ሕጂ መብዛሕትኦም ናብ ኖርወይ ዝኣትዉ ገያሾ ኣብ ስርዓተ መዝገብ መገሻ ክምዝገቡ ክግደዱ እዮም። ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑን ገለ ካልኦት ፍሉያት ጉጅለታትን ሕድገት ክግበረሎም እዩ። ናብ ኖርወይ ዝኣትዉ ገያሾ ኣብ ፈታሽ ከምዚ ዓይነት መረጋገጽን ምናልባሽ እውን ወረቐት ምስክር ኮሮና ንፖሊስ ከርእዩ ኣለዎም።
- ኩሎም ብመሰረት ሕጊ ወጻእተኛታት ናብ ኖርወይ ክኣትዉ መሰል ዘለዎም ወጻእተኛታት ሕጂ ክኣትዉ ክፍቀደሎም እዩ።
- ናብ ቤት-ጽሕፈት ባሕረኛታትን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ሕርሻን ፍቓድ ንምርካብ ምልክታታት ምስዳድ የብቅዕ።
- ከከም ኩነታቱ ጌና ሕጂ ውን ንኖርወይ ክኣትዉ ከለዉ ክምዝገቡ፡ ክውሸቡን ክምርመሩን ዘለዎም ግዴታ ዘይሕልዉ ወጻእተኛታት ናብ ኖርወይ ምእታው ክኽልከሉ ይኽእሉ እዮም። ከምኡ ከምዝገበሩ ብሰነድ ከረጋግጹ ብዘይምኽኣሎም ቕውን ምእታው ዘኽልክል ምኽንያት ክኾውን ይኽእል እዩ። ኩሎም ገያሾ ኖርወያውያን ዘጠቓለለ ንኖርወይ ክኣትዉ ከለዉ ግዴታታቶም ብዘይምሕላዎም ንፖሊስ ክኽሰሱን ምናልባት ውን ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ክቕጽዑን ይኽእሉ እዮም።
- እቶም ብክንቶጳጸሮ ንኽእል ወረቐት ምስክር ኮሮና ምሉእ ክቱባት ምኺኖም ወይ ኣብዘን ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ከምዘሕለፉ ብሰነድ ከረጋግጹ ዘይክእሉ ሰባት ንኖርወይ ቅድሚ ምምጽኦም 24 ሰዓታት **ክሳብ ዝተርፎ** ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ ዘርኢ ወረቐት ምስክር ክህልዎም ኣለዎ ዝብል ግዴታ ዳግማይ ነተኣታትዎ ኣለና። እዚ ካበየናይ ሃገር መጺኻ ብዘየገድስ እዩ ክምልከተካ፡ ንትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ገያሾ ግን ኣይምልከቶምን እዩ።
- ከም ተወሳኺ ገያሾ ንኖርወይ **ክኣትዉ ከለዉ** ክምርመሩ ዘለዎም ግዴታ ንቕይሮ ብምህላውና ናብ ኖርወይ ክትኣቱ ከለኻ ካበየናይ ሃገር መጺኻ ብዘየገድስ ክትምርመር ግዴታ ኣለካ። ክሳብ ሕጂ ካብ ግዴታ ውሸባ ዘለዎም ቦታታት ዝመጹ ሰባት ጥራሕ እዩ ክምልከት ጸኒሑ ዘሎ። እዚ ግዴታ እዚ ንብምሉኦም ብምስክር ወረቐት ኮሮና ምሉእ ክቱባት ምኺኖም ወይ ኣብዚ ዝሓለፈ ፍርቂ ዓመት ኮቪድ-19 ከምዘሕለፉ ንኽረጋግጹ ዘይክእሉ ሰባት እዩ ዝምልከት። ብዝተረፈ እቶም ንኖርወይ ክኣትዉ ከለዉ ካብ ግዴታ ምምርማር ሕድገት ዝግበረሎም ሰባት ከምዘለዎ ክቕጽል እዩ።

- እቶም ክምርመሩ ግዴታ ዘለዎም ሰባት ኣብ ዶብ ዝርከብ ነቑጣ መርመራ ክምርመሩ ይኽእሉ እዮም ወይ ድማ ኣብ ዶብ ነቑጣ መርመራ ምስ ዘይህሉ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ክምርመሩ ይኽእሉ። ኩለን ንኡሳን ዘባታት ንግዴታ መርመራ ዘለዎም ገያሾ ክምርምራ ተዳልየናሉ ክጸንሓ ክኽእላ ኣለወን።
- ሃገራዊ መቆጻጸሪ ማእከል እውን ዝያዳ ምቁጽጻር ንከካይዱ ዓቕሚሰቡ ከነዛይደሉ ኢና፡ ከምዚ ብምግባር ንኡሳን ዘባታት ነየኖት ገያሾ ክከታተሎኦም ከምዝግብኦን ሓበሬታ ክረኽባ ይኽእላ።
- ንመገሻዊ ውሽባ ዝምልከት መንግስቲ ዝኾነ ለውጢ ኣይከተኣታቱን እዩ። ሕጊ ውሽባ ብዝለዓለ ተኽእሎ እዚ ቆራሪ ወቕቲ ክሳብ ዝውዳእ ከምዘለዎ ክጸንሕ እዩ።

ነቶም ኣብ ካልእ ንውሽባ ዝተመቻቸአ ቦታ ክጸንሑ ዘይክእሉ ሰባት ኣብ መወሸቢ ሆቴል ናይ ምውሻብ ዕድል ከምዘለዎ ክቕጽል እዩ።